ኣየርላንድ

# ንምንታይ እዩ ውልቃዊ መረዳእታይ ናብ ዩሮዳክ ዝመሓላለፍ?

ዓይነት ኤ (Type A)

**ናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ ኣመልከቲ**



TIGRINYA

## ስለምንታይ እየ ነዛ በራሪ ወረቐት ዝቕበል ዘለኹ?

ኣብዛ ሃገር ዑቕባ ተባሂሉ ንዝፍለጥ ኣህጉራዊ ሓለዋ ኣመልኪትካ ኣለኻ።

እዚ በራሪ ወረቐት እዚ ብዛዕባ እቲ ብሰበስልጣን ዝኽዘን ዳታን ንኽንደይ ግዜ ከምዝጸንሕን ዝያዳ ሓበሬታ ይህብ።

## ስለምንታይ እየ ኣሰር ኣጻብዕተይን ስእለይን ክህብ ዘለኒ?

ኣብዛ ሃገር ዘለዉ ሰበስልጣን ኣሰር ኣጻብዕትኹምን ስእልኹምን ክወስዱ እዮም። እዚ መረዳእታ ምስ ሓበሬታ መንነትካን ካልእ ኣገዳሲ ሓበሬታን ተደሚሩ ናብ ናይ ዩሮዳክ ዳታቤዝ ክመሓላለፍ እዩ።

ዩሮዳክ ንገለ ምድባት ዜጋታት ናይ ሓንቲ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዘይኮኑ ሰባት ምስቲ ፍሉይ ስብስብ ኣሰር ኣጻብዕቶምን ስእሎምን የራኽቦም።

እዚ ዳታቤዝ ብ 31 ሃገራት EU+ ዝጥቀማሉ ኮይኑ፣ ንሓበሬታኻ ንምርካብ ድማ ዝሃብካዮ መረዳእታኻ ክሰርሓሉ ይኽእል። ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣብ መወዳእታ ናይዚ በራሪ ወረቐት ተዘርዚረን ኣለዋ።

# ደንቢ ምሕደራ ዑቕባን ስደትን እንታይ እዩ?



ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ኣየነይቲ ሃገር ንኣህጉራዊ ሓለዋ ዝምልከት መመልከቲ ክትምርምር ከምዘለዋ ንምውሳን ዝሕግዝ ደንቢ ምሕደራ ዑቕባን ስደትን ዝበሃል ናይ ሓባር ሕጊ ተሰማሚዐን። እዚ ሕጊ እዚ፡ ሓንቲ ሃገር ኣብ ሓደ እዋን ብዙሕ መመልከቲታት እንተተቐቢላ፡ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ንሓድሕደን ክተሓጋገዛ ዘኽእለን እዩ።

ሓንቲ ካብ ሃገራት EU+ ንናይ ኣህጉራዊ ሓለዋ መመልከቲኻ ከም እትምርምሮ ውሕስነት ኣለካ እዩ፣ ኮይኑ ግን ኣየነይቲ ሃገር EU+ ሓላፍነት ከም እትወስድ ክትመርጽ ኣይትኽእልን ኢኻ። እታ ንመመልከቲኻ እትምርምር ሃገር ብሕጊታት ሕጊ ደንቢ ምሕደራ ዑቕባን ስደትን እያ እትውሰን።

ብዘይ ፍቓድ ናብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እንተግዒዝካን ኣሰር ኣጻብዕትኻ እንደገና እንተተወሲዱን፡ ኩሉ እቲ ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ዳታኻ ብሰበስልጣን እታ ሃገር ክረአ እዩ።

**ሕጂ ኣብ ኣየርላንድ ኢኻ ዘለኻ፣ ንሳ ድማ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር እያ። ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ድማ፡**

እተን 27 ኣባላት ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ (EU)፣ ኣውስትርያ፣ ቤልጅየም፣ ቡልጋርያ፣ ክሮኤሽያ፣ ቆጵሮስ፣ ቸክያ፣ ዴንማርክ፣ ኢስቶንያ፣ ፊንላንድ፣ ፈረንሳ፣ ጀርመን፣ ግሪኽ፣ ሃንጋሪ፣ ኢጣልያ፣ ላቲቭያ፣ ሊትዋንያ፣ ሉክሰምበርግ፣ ማልታ፣ ሆላንድ፣ ፖላንድ፣ ፖርቱጋል፣ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፣ ሮማንያ፤ ስሎቫክያ፣ ስሎቬንያ፣ ስጳኛ፣ ሽወደን ከምኡ እውን

ካልኦት 4 ሃገራት፣ ኣይስላንድ፣ ሊክተንሽታይን፣ ኖርወይ፣ ስዊዘርላንድ።

## ኣብ ዩሮዳክ ዝኽዘን ኣየናይ ዳታ እዩ?



እዚ ዝስዕብ ሓበሬታ ኩሉ ግዜ ይኽዘን፡-

- ኣሰር ኣጻብዕትኻ
- ስእሊ ገጽካ
- ኩሉ እቲ ሕጂ እትጥቀመሉ ወይ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ዝተጠቐምካሉ ኣስማት
- ዕለተ ልደትካ
- ትውልዲ ቦታኻ
- ዜግነትካ ወይ ብሄራዊ መንነትካ
- ጾታኻ
- ቅዳሓት ናይቲ ዝተጠቐምካሉ ናይ መንነት ወይ ናይ ጉዕዞ ሰነዳት፣ እኻተልዩ፣ እንተላይ ብዛዕባ ሓቅነቶም ዝምልከት ሓበሬታ
- ናይቲ ኣሰር ኣጻብዕትኻን ስእልኻን ዝወሰደ መኮነን ናይ ተጠቃሚ መለለዪ መንነትን ዳታኻ ዝተወሰደሉን ዝተመሓላለፈሉን ዕለታትን
- ኣህጉራዊ ሓለዋ ዘመልከትካላ ሃገር
- ኣህጉራዊ ሓለዋ ንምርካብ ዝቐረበሉ ዕለት።

እዞም ዝስዕቡ ሓበሬታታት እውን ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ ኣብ ዩሮዳክ ክኽዘኑ እዮም፡

- ንመመልከቲኻ ናይ ምምርማር ሓላፍነት ዘለዋ ሃገር
- እንተተዛዊርካ፡ እታ ዝተዛወርካላ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር
- መመልከቲኻ እንተተነጺጉን ኣብ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ናይ ምጽናሕ መሰል ዘይብልካ ኮይኑን።
- መመልከቲኻ ብመሰረት መስርሕ ዶብ ተራእዩ እንተተነጺጉ ወይ መመልከቲኻ ከም ዝተሰሓበ እንተተቐጺሩ
- ሓበሬታ ብዛዕባ ዝኾነ ብናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዝወሃበካ ቪዛ
- ካብ ዘባ ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ዝወጻእካሉ ዝኾነ እዋን ሓበሬታ
- ብወለንታኻ ናብ ዓድኻ ንክትምለስ ንዝቐረበልካ ዕድመ ተቐቢልካ'ዶ ኣይተቐበልካን ዝምልከት ሓበሬታ።

ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ክትረክብን ክትእርምን ከምኡ'ውን ሓበሬታኻ ብዘይሕጋዊ መንገዲ እንተተታሒዙ ንክትድምስሶ ክትሓትት መሰል ኣለካ። ነዚ ንምግባር ምስ ተቖጻጻሪ ዳታ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ዝርዝር ርክብ ናይቲ ዳታ ተቖጻጻሪ ኣብቲ '**ብዛዕባ ዩሮዳክ ክትፈልጥዎ ዘለኩም**' ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ በራሪ ወረቐት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## ውልቃዊ መረዳእታይ ኣብ ዩሮዳክ ክሳብ መዓስ እዩ ክኸዝን?



ሓበሬታኻ ን10 ዓመት ክኽዘን ድሕሪኡ ብኣውቶማቲክ ክስረዝን እዩ።

እዚ ግዜ ቅድሚ ምውዳኡ ኣብ ሓንቲ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ዜግነት እንተረኺብካ፡ ዳታኻ ይስረዝ። ዳታኻ እንተተሰሪዙ፡ እዚ ኣብታ ዜግነት ዝረኸብካላ ሃገር ዘለካ ኩነታት ኣይክጸልዎን እዩ።

## ካልእ ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ሓበሬታ ኣሎ ድዩ?

ውጽኢት ናይቲ ናይ ድሕንነት ናይ ፍተሻ መርመራኻ ክኽዘን እዩ፣ እቶም ሰበስልጣን ብዛዕባኻ እዚ ዝስዕብ እንተረኺቦም፡-

- ዕጥቂ ምውናን
- ዓማጺ ባህሪ
- ኣብ ገበናት ግብረሽበራ ተሳትፎ
- ኣብ ካልእ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ+ ሃገር ክትእሰር እትኽእለሉ ከቢድ ገበን እንተፈጺምካ።

ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነታት ንውሽጣዊ ድሕነት ሓደጋ ከተስዕብ ከም እትኽእል ተጌሩ ክውሰድ እዩ። እዚ ምስቲ ኣብ ላዕሊ ብዝርዝር ዝተገልጸ ተግባራዊ ምኽንያት ወይ ምኽንያታት ብሓባር ኣብ ዩሮዳክ ክኽዘን እዩ።

ሃገራት ሕብረት ኤውሮጳ+ ድሕሪ ደጊም ንውሽጣዊ ድሕነት ሓደጋ ኔረን እንተዘይቆጺረንካ እዚ ሓበሬታ ክስረዝ እዩ።

ኣብ ዩሮዳክ ዝተዓቀበ ዘይቅኑዕ ሓበሬታ ክትረክብን ክትእርምን ከምኡ'ውን ሓበሬታኻ ብዘይሕጋዊ መንገዲ እንተተታሒዙ ንክትድምስሶ ክትሓትት መሰል ኣለካ። ነዚ ንምግባር ምስ ተቖጻጻሪ ዳታ ክትራኸብ ትኽእል ኢኻ። ዝርዝር ርክብ ናይቲ ዳታ ተቖጻጻሪ ኣብቲ '**ብዛዕባ ዩሮዳክ ክትፈልጥዎ ዘለኩም**' ዝብል ኣርእስቲ ዘለዎ በራሪ ወረቐት ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

እዚ መዘኻኸሪ እዚ ንሓበሬታ ዕላማ ጥራይ ዝውዕል እዩ። እዚ ንባዕሉ መሰል ወይ ግዴታ ኣይፈጥርን እዩ። EUAA ይኹን ንEUAA ወኪሉ ዝሰርሕ ዝኾነ ሰብ ኣብዚ መዘኻኸሪ በራሪ ወረቐት ዝርከብ ሓበሬታ ብዛዕባ ክጥቀመሉ ዝኽእል ኣጠቓቕማ ብዝምልከት ሓላፍነት ኣይወስድን እዩ።

© ኤጀንሲ ዑቕባ ሕብረት ኤውሮጳ (European Union Agency for Asylum)፡ 2025